# ጥዕና

ናይ ጥዕና ሜላን ኣገባብን
ናይ ሕማምን ሓደጋን ድሕነት
ሕክምናዊ ክንክን
ጥንሲን ሕርስን
ስነ-ኣእምሮኣዊ ጥዕና
ጉዳይ ሞት

# ናይ ጥዕና ሜላን ኣገባብን

ናይ ጥዕና ሜላ ኣብ ስዊስ ብጽብቕን ጽፉፍን ዝተመስረተ ኢዩ። ነበርቲ ስዊስ ብጥሙርን ግዴታን ናይ ጥዕናን ሓደጋን ድሕነት ይኣትዉ። ብዙሓት ናይ ጥዕና ማእከላት: ቤትመሸጣ መድሃኒት: ናይ ገዛ ሓኪም ማእከል: ኩሉ ንጥዕና ዝምልከት ጉዳያ ብዕቱብ ይከታተልዎ።

## ኣገባብ / ሜላ ናይ ጥዕና ድሕነት

ኣብ ስዊስ ኩሎም ነበርቲ ንጥዕናን ሓደጋ ምስዘጋጥምን ድሕነት ወይ ውሕስነት ክኣትዉ ይግባእ። ናብ ስዊስ ዝኣቱ ኩሉ ኣብተን ቀዳሞት ሰለስተ ኣዋርሕ ውሕስነት/ድሕነት ክኣቱ ይግባእ። ዝውለዱ ሕጻናት ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ኣዋርሕ ድሕሪ ምውላዶም ውሕስነት ክእተወሎም ይግባእ። ንጥፈታት ኣድላይነት ናይ ዚ ግቡእ መሰረታዊ ናይ ጥዕና ውሕስነት ብሕጊ ዝተሓንጸጹ እዮም። ኩሉ ውሕስነት ዝኣተወ ሰብ በቲ ዝድለ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ክረክብ መሰሉ እዩ*

## ምወላ

ናይ ስዊስ ናይ ጥዕና ሜላን ኣገባብን: ካብ መንግስቲ: ካንቶን: ምምሕዳር ከባቢ: ኣስራሕቲን ውልቀስባትን ብሓባር ይምወል። ውልቀስባት ንሕማምን ሓደጋን ምስዘጋጥም ዝውዕል መሰረታዊ ግቡእ ውሕስነት/ድሕነት ወርሓዊ ይኽፍሉ።እዚ መጥኑ ዓመት መጸ ይውሰን: ካብ ካንቶን ናብ ካንቶን ከኣ ይፈላለ። ዝሓመመ ወይ ሓደጋ ዘጋጠሞ ሰብ: ነቲ መሐከሚኡ ዝኸውን ክፍሊት ብኸፊል ይሽፍን።እዚ (Franchise) ወይ ባዕልኻ ትሽፍኖ(Selbstbehalt) ዕሽር ናይ መሐከሚ ዋጋ እዩ። ኣብዚ ግን ሓደ ውሱን ናይ ዓመት ክፍሊት ኣሎ።

## ምትርጓም

ብሓደ ዘይትፈልጦ ቋንቋ: ምስ ሓኪም: ዋና ቤት መድሃኒት ወይ ምስ ሓኪም ገዛ ክትረዳዳእ ቀሊል ኣይኮነን። ገለ ገለ ሕክምናታት ብነጻ ከይከፈካ ካብ ውሽጢ ባህሊ ዝፈልጡ ተርጎምቲ የዳልዉ። ተርጓማይ ምስዘድልዮም እቶም ተሓከምቲ ኣቐዲሞም ክሕብሩ ይግባእ። እቶም ተርጎምቲ ከኣ ንካልእ ሓኪም ኣቐዲሞም ተታሒዞም ክኾኑ ይኽእሉ ኣዮም። ኣብዚ ኩነታት ባዕልኩም ክትከፍሉ ትግደዱ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-baselstadt.ch/ti/health/health-care-system

# ናይ ሕማምን ሓደጋን ድሕነት

ኣብ ስዊስ ዝነብር ሰብ: ናይ ሕማምን ናይ ሓደጋን ድሕነት ግድን የድልዮ። እዚ ናይ ውልቒ ድሕነት: ኣብ ግዜ ሕማምን ሓደጋን ንዘጋጥሙ ክፍሊት ሕክምናን ስራሕን ከምኡውን ኣብ ግዜ ጥንሲ ዝግበር ወጻኢታት ይሸፍኑ። እዘን ክልተ ናይ ድሕነት ውዕላት ኣብተን ቀዳሞት ክልተ ሰሙን ኣብ ስዊስ ምእታው ክፍጸማ ይግባእ።

## ናይ ሕክምናዊ ክንክን ድሕነት ( መሰረታዊ ድሕነት)

ኵሎም ተቐማጦ ስዊዘርላንድ ናይ ጥዕና መድሕን/ኢንሹራንስ (መሰረታዊ መድሕ፣ Grundversicherung) ባዕሎም ከውጽኡ ኣለዎም። ናብ ስዊዘርላንድ እንተ ግዒዝካ ከምኡ ንምግባር ሰለስተ ወርሒ ኣሎካ። ኣብዚ እዋን እዚ እንተ ሓሚምካ እቲ እትሸፍሎ ወጻኢታት እውን ብተደጋጋሚ እዩ ዚኽፈል። ሓያሎ ናይ ብሕቲ ኩባንያታት መድሕን ጥዕና (Krankenkassen) መሰረታዊ መድሕን የቕርባ። ናይ ጥዕና መድሕን ምርጫ ብናጻ ኢዩ። ኩባንያታት መድሕን ጥዕና ንዅሎም እቶም ኣብ ስዊዘርላንድ ዝነብሩ ሰባት ክቕበላኦም ኣለወን። እቶም ውሕስነት እተዋህቦም ሰባት ወርሓዊ ኽፍሊት ይሽፍሉ። እዚ ኽፍሊት እዚ ከከም ሞደል መድሕንን መድሕንን ስለ ዚፈላለ ነቲ ዚኽፈል ገንዘብ ከነወዳድሮ ኣሎና። መድሕን ጥዕና ኽሳዕ መወዳእታ ሕዳር ኣብታ እትቕጽል ዓመት ኪቕየር ይኽእል እዩ። መሰረታዊ መድሕን ንሕማም ዜምጽኦ ወጻኢታት ጥራይ ዘይኰነስ ንጥንስን ሕርስን እውን ይሽፍን እዩ። እቲ ኣገልግሎት ብሕጊ እዩ ዚመሓደር።

ኣስተውዕሉ፡- ንሕክምና ስኒ ወይ መነጸር ዚሽውን ወጻኢታት መብዛሕትኡ ግዜ በይንኻ ኽትከፍል ወይ ከኣ ብወለንታ ተወሳኺ መድሕን ክትከፍል ኣሎካ።

## ናይ ሓደጋ ድሕነት

ሰራሕተኛታት ኣብ መዓልቲ ካብ 8 ሰዓት ንላዕሊ ዝሰርሑ እንተኮይኖም: ብወሃብ ስራሕ ብቀጥታ ናይ ሓደጋ ድሕነት ኣብ ግዜ ስርሖምን ኣብ ዕረፍቶምን ንዘጋጥሞም ሓደጋ ውሕስነት ይኣትወሎም። ውሑድ ሰዕታት ዝሰርሕ ሰብ እዚ ናይ ሓደጋ ድሕነት ኣይክፈለሉን: ስለዚ ነዚ ዝምልከት ድሕነት: ባዕሉ ክሽፍኖ ኣለዎ። እዚ ነቶም ብገዛእ ርእሶም ዝመሓደሩን ናይ ውልቖም ዋኒነ ንብረትን ትካልን ዘሎዎም ሰባት ውን ይምልከት። እዚእቶም ኣብ ርእሲቲ ናይ ሕማም ድሕነቶም ናይ ሓደጋውን ክገብርሉ ይግባእ። ኣብዚ ድሕነት ውዕል ዝገበሩ: ወርሓዊ ክፍሊት ክሽፍሉ ይግባእ። ኣብዚ ንሰራሕተኛታት ብቀጥታ ካብ ደሞዞም ይኽፈል።

## መሕሰሪ / ምጉዳል ዋጋ ካብ ክፍሊት መሰረታዊ ድሕነት

እቶም ናይ ጥዕና መድሕን ክፍሊት ክሽፍሉ ዘይክእሉ ንመሰረታዊ መድሕን ዋጋ ምጉዳል (Prämienverbilligung) መሰል ክህልዎም ይኽእል እዩ። ሓደ ሰብ ነቲ ምጉዳል ንምቕባል ቅጥዒ መመልከቲ ከቕርብን ብዛዕባ ንብረትን ኣታዊን ሓበሬታ ክህብን ኣለዎ። እቲ መመልከቲ እንተተፈቒዱ፡ ካብ ዝቕጽል ወርሒ ጀሚሩ ውሑድ ዋጋታት ክትከፍል ኢኻ። ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣበርክቶ (Amt für Sozialbeträge) ብዛዕባ ምጉዳል ዋጋ ክፍሊት ሓበሬታ ይህብን ነቲ ምዝገባ ይቕበልን።

## ተወሳኺ ድሕነት ኣብ ልዕሊ መሰረታዊ ናይ ሕማም ድሕነት

ብነጻ ድልየት: መመላእታ ንውሕስነት ጥዕና: ኣብ ልዕሊቲ መሰረታዊ ናይ ድሕነት ውዕል: ተወሳኺ ድሕነት ኣብ ልዕሊ መሰረታዊ ናይ ሕማም ድሕነት (Zusatzversicherungen) ክግበር ይከኣል።እዚ ንወጻኢታት ካብ ናይቲ መስረታዊ ውሕስነት ዝኾኑ ይሽፍን። ንእብነት: ናይ ስኒ ክንክን። ተወሳኺ ድሕነት ኣብ ልዕሊ መሰረታዊ ናይ ሕማም ድሕነት ካብ ኩሎም ማዕከናት ናይ ሕማም ድሕነታት ናብ ዕዳጋ ይወርዱ። ነዚ ከኣ ነብሲ ወከፍ ሰብ ከከም ኩነታት ጥዕንኡ: ክእቱ ወይ ከንጽጎ ይኽእል።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-baselstadt.ch/ti/health/health-and-accident-insurance

# ሕክምናዊ ክንክን

ዝሓመመ ወይ ሓደጋ ዘጋጥሞ ሰብ መብዛሕትኡ ግዜ ናብ ሓደ ወይ ሓንቲ ናይ ገዛ ሓኪም ይኸይድ። ንእሽቱ ሕማማት ወይ ሓደጋታት ምስዘጋጥሙ: ሰብ ካብ ቤት መድሃኒት ሓገዝ ክረክብ ይኽእል። ብርግጽ ዓቢ ሓደጋ ወይ ሕማም ምስዘጋጥም ግን ናብ ሕክምና ምኻድ የድሊ።

## ቤት መሸጣ መድሃኒት

ቤት መድሃኒት: ብሓኪም ዝተኣዘዘ/ብጽሑፍ ዝተኣዝርዝር መድሃኒትን ካልእን ይሸይጥ። ንኣሽቱ ሕማማት ምስዘጋጥሙ: ሰባት ናብ ቤት መድሃኒት ክኸዱ ይምረጽ። ኣብ ቤት መሸጣ መድሃኒት ዝሰርሑ ሰባት እኹል ፍልጠት ዘለዎም ኮይኖም: ብዛዕባ ጥዕና ንዓማዊሎም ክመኽሩን ክሕግዙን ዝኽእሉ እዮም። ኣብ ፒተርስግራበን[Petersgraben] 3 ዝርከብ ናይ ህጹጽ እዋን ፋርማሲ ለይትን ኣብ ሰሙን ዕረፍቲን እውን ክፉት ስለዝኾነ ኣብ ህጹጽ እዋን መድሃኒት ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

## ናይ ገዛ ሓኪም / ናይ ሕጻናት/ቆልዑ ሓኪም

ኣብ ስዊዘርላንድ ብዙሓት ሰባት ሓኪም ስድራቤት (Hausarzt oder Hausärztin) ኣለዎም። ውልቃዊ ሕክምናዊ ታሪኽ ይፈልጡን ንሕክምናዊ ጸገማት ቀዳሞት ርክብ ነጥብታት እዮም። ንህጻናት ዝኸውን ሓካይም ህጻናት ኣለዉ። ኣድላዪ እንተኾይኑ ነቲ ሕሙም ናብ ክኢላ ሓኪም ወይ ናብ ሆስፒታል ይልእኽዎ። ኣብ ከቢድ ህጹጽ ኩነታት ጥራይ ኢኻ ትኽ ኢልካ ናብ ሆስፒታል ክትከይድ ዘለካ። ንኹሉ ካልእ ህጹጽ ኩነታት፡ ማእከል ጻውዒት ህጹጽ ሕክምና (Medizinische Notrufzentrale: MNZ) ካብ ናይ ቤት ጽሕፈት ሓኪም ናይ ምኽፋት ሰዓታት ወጻኢ ይርከብ። እዚ ን24 ሰዓታት ኣብ መዓልቲ ብስልኪ ቁጽሪ 061 261 15 15 ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም። መስመር ሜድጌት ኪድስ [Medgate Kids Line] በቲ ክፍሊት ዝኽፈል ቁጽሪ ተሌፎን 0900 11 44 11 ንህጻናትን መንእሰያትን ካብ ክፉት ሰዓታት መጥባሕቲ ህጻናት ወጻኢ ኣብ ህጹጽ ኩነታት ዝርከቡ ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

## ሓኪም ስኒ

ኣብ ስዊስ ናይ ስኒ ሕክምና ወይ ክንክን ባዕልካ ይኽፈል። ነዚ ግን ሓደ ተወሳኺ ናይ ድሕነት/ውሕስነት ክፍሊት ናይ ምግባር ተኽእሎ ኣሎ። ኣብ ትምህርቲ ዝኸዱ ቆልዑት ግን ሓደ ግዜ ኣብ ዓመት ብነጻ ናይ ስኒ ጥዕና ክንክን ክግበረሎም መሰል ኣለዎም። ነዚ ዝምልከት ሓበሬታ ቤት ትምህርቲ የመሓላልፍ።

## ሕክምናታት / ናይ ቀዳማይ ረዲኤት ትካላት

ናብ ሕክምና (Spital)ክኸይድ ዘለዎ ሰብ: ብሓኪሙ ኣብ ቤት ሕክምና ክምዝገብ ኣለዎ። ከቢድ ሓደጋ ወይ ሕማም ምስ ዘጋጥም ግን ብቐጥታ ናብ ናይ ህጹጽ ሓደጋ ማእከል ክኸይድ ይኽእል። እቲ ሓደጋ ንሂወት ኣስጋኢ ወይ እቲ ሕሙም ብኣምቡላንስ ናብ ሕክምና ክበጽሕ እንተለዎ ግን 144 ምድዋል የድሊ። ኣብ ቀሊል ናይ ህጹጽ ሓደጋ እንተኮይኑ ግን ናይ ገዛ ሓኪም ሓላፍነት ይወስድ።

## ኣብ ገዛኻ ክሎኻ ዝወሃብ ናይ ክንክን ኣገልግሎት

ዝሓመመ ወይ ክንክን ዘድልዮ ሰብ: እሞ ኣብ ገዝኡ ኮይኑ ክሕከምን ክንክን ክግበረሉን ምስዝድለ: ነቶም ካብ ሕክምና ወጻኢ ኣገልግሎት ሕክምና ዝህቡ (Spitex) ክጠልብ ይኽእል። ክኢላታት ናይዚ መዳይ ከኣ ናብ ገዝኡ እናኸዱ ነቲ ተሓካሚ ይከናኸንዎ። እዚ ዓይነት ኣገልግሎት: ንዝኣረጉ:ሓደጋ ዘጋጠሞም ወይ ብርቱዕ ዝሓመሙ ሰባት: ከምኡውን ኣብ ግዜ ጥንሲን ሕርስን ጸገማት ንዘጋጠመን ኣዴታት ይወሃብ። ነዚ ዝግበር ክፍሊት ብከፊል ካብቲ <u>መሰረታዊ ናይ ጥዕና ውሕስነት</u> (Grundversicherung) ይኽፈል። ብዘይካ ስፒቴክስ Basel ብዙሓት ናይ ብሕቲ ኣቕረብቲ ስፒቴክስ ኣለዉ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-baselstadt.ch/ti/health/medical-care

# ጥንሲን ሕርስን

ነብሰጾር ዝኾና ደቀንስትዮ:ኩሉ እቲ ዝግበረለን ንጥንሲ ዝምልከት ኣገዳሲ መርመራ ባዕለን ክኸፍልኦ ይብለንን። ኣብ ግዜ ሕርሲ ዝግበር ናይ መወልዳን ሓገዛትን ክንክንንውን: እቲ መሰረታዊ ናይጥዕና ውሕስነት ይኸፍሎ። ድሕሪ ሕርሲ ውን ወለዲ ብነጻ ናይ ምኽሪ ኣገልግሎት ይረኽቡ።

## ንጥንሲን ሕርሲን ዝግበር ወጻኢታት ክፍሊት

ኣብ ግዜ ጥንሲን ሕርሲን ዝግበር ሕክምናዊ ክፍሊት እቲ መሰረታዊ ናይ ጥዕና ውሕስነት/ድሕነት (Grundversicherung) ይሽፍኖ። ኣብዚ እቲ ቅድሚ ሕርሲ ዝግበር ስሩዕ ተኽታታሊ መርምራ: ኣብ ግዜ ሕርሲ ዝግበር ሓገዛትን ክንክንን:ከምኡ ውን ኣገዳሲ ምትሕብባርን ይጠቓለል። ነብሰጾር ዝኾና ኣዴታት ኣብ ሓኪም ወይ ኣብ ክኢላ መወልዳን ኣቐዲመን ክምዝገባ ኣለወን። ሕክምናን ክኢላታት መወልዳንን ንኣገባብ ሕርሲ ምድላዋትን (Geburtsvorbereitungskurs) ዝምልከት ስልጠና ይህባ። ነዚ ዝምልከት ንስደታኛታት ተባሂሉ ዝዳሎ ፍሉይ ስልጠና ኣሎ። ሕርሲ ኣብ ሕክምና ወይ ኣብ መውለዲ ፍሉይ ገዛ ወይ ከኣ ኣብ መንበሪ ገዛ ክኸውን ይኽእል።

## ድሕሪ ሕርሲ

ኣብ ስዊዘርላንድ ወለዲ ድሕሪ ሕርሲ ምኽሪ ምሕታት ልሙድ እዩ። ነዚ ድማ ማእከል ምኽሪ ኣዴታትን ኣቦታትን / ማእከል ምኽሪ ወለዲ (Elternberatungsstelle) ኣሎ። እዚ ድማ ብዛዕባ ምዕባለ፣ ኣመጋግባን ክንክንን እቲ ህጻን ሓበሬታ ይህብ። እቲ ምምኽኻር ብነጻ እዩ። እቲ ሓኪም ወይ መሕረሲት ብዛዕባ ኣድላዪ ናይ ምክትታል መርመራታት ንኣደን ንህጻንን ክሕብረካ እዩ። እቲ ቀልዓ ድሕሪ ሕርሲ ካብ ሰለስተ ወርሒ ዘይውሕድ ሕማምን ሓደጋን ውሕስነት ምግባር ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ (መሰረታዊ መድሕን፣ መድሕን ሓደጋ)። ቅድሚ ሕርሲ እዚ ምግባር ይሓይሽ።

## ክታበት

ህጻናት ኣብ ግዚኡ ኣንጻር ዝተወሰኑ ሕማማት ክኽተቡ ይምከር። ይኹን እምበር ክታበት ግዴታ ኣይኮነን። መብዛሕትኡ ግዜ ናይቲ ዝምከር ክታበት ዝወጽእ ወጻኢታት ብመሰረታዊ መድሕን ይሽፈን። ሓኪም ህጻናት ወይ ማእከል ምኽሪ ወለዲ ብዛዕባ ክታበት ሓበሬታ ክህብ እዩ / ክትህብ እያ።

## ምንጻል ጥንሲ

ኣብ ስዊስ ኣብተን ቀዳሞት 3 ኣዋርሕ ናይ ጥንሲ ግዜ: ጥንሲ ምንጻል ይከኣል። ድሕሪተን 12 ሳምንቲ ድቂ ምሓዝ ግን ምንጻል ጥንሲ: ንኣካልዊን ስነ ኣእምሮእዊን ጥዕና ናይታ ኣደ ኣስጋኢ ምስዝኸውን ጥራይ ይፍቐድ። እዚ ኩነታት ግን ሓኪም ጥራይ መርሚሩ ክውስን ኣለዎ። ሓንቲ ኣደ ጥንሲ ምንጻል ምስትደሊ: ምኽሪ ብነጻ ክትረክብ ይከእል። ንኣሽቱ ደቀንስትዮ ትሕቲ 16 ዓመት ዝኾና ኣብ ፍሉይ ክእለት ዘለዎም ናይ ምኽሪ ማእከል ክውከሳ ይግባእ። ንክፍሊት ነዚ ኩሉ መድሃኒትን ምኽሪን ዝምልከት እቲ መሰረታዊ ናይ ጥዕና ውሕስነት ይሽፍኖ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-baselstadt.ch/ti/health/pregnancy--childbirth

# ስነ-ኣእምሮኣዊ ጥዕና

**ኣብ መንጎ ስነ-ኣእምሮኣዊን ኣካላዊን ጥዕና ኣብ ስዊስ ፍልልይ የብሉን። እቲ መሰረታዊ ናይ ጥዕና ውሕስነት ንኩሉ ሕማም ንናይ ኣእምሮ ከይተረፈ ዝግበር ፍወሳን ምርመራን ብክኢላታት ይኹን ኣብ ማእከል ጥዕና: ኩሉ ወጻኢታት ይሽፍኖ።**

## ደገፍን ምኽሪን

ኣብ ስዊስ ንስድራ ቤት ወይ ንውልቀ ሰብ ዝምልከት ኩነታት ጥዕና ዝሕግዙን ዘማኽሩን ላዕለዎት ክኢላታት ጥዕና ኣብ ኩሉ ኣጋጣሚ ቀጻሊ ሓገዝ ይገብሩ። እቲ መሰረታዊ ናይ ጥዕና ውሕስነት (Grundversicherung ) ነቶም ብሕጊ ተፈላጥነት ዘለዎም ክኢላታት ናይ ስነ-ኣእምሮ ሓካይም ንዝገብርዎ ፍወሳን ክንክንን ይሽፍሎም።ነዚ ኣገልግሎት ዝህባ ናይ ሕክምና ትካላትዊን ከምኡ ይኽፈላ። ኩሉ ጸገም ዘለዎ ሰብ ከኣ ኣብዞም ትካላት ይምዝገብ።ከምዚ ምኽሪ ኩሉ ብሕጊ ዝፍለጥ ኢድ (Dargebotene Hand) ብተሌፎን: ብቻት ወይ ብኢ-መይል (ተሌፎን:143, www.143.ch) ምውካስ ይከኣል። ኣብዚ ውን ናይ ገዛ ሕኪም (Hausärztin oder Hausarzt) ክሕግዝ/ክትሕግዝ ይኽእሉ እዮም። ሓደ ሰብ ኣዝዩ ኣስጋኢ ምስዝኸውን: ኣብ ገዛእርእሱ ወይ ኣብ ካልኦት ሓደጋ ከይገብር ምስዘስግእ: ብዝቀልጠፈ ክግታእ ኣለዎ። ኣብ ከምዚ ኣጋጥሚ ንፖሊስ ምሕባር የድሊ (ተለፎን: 117)።

## ቆልዑትን መንእሰያትን

ንመንእሰያት ናይ ስነ-ኣእምሮ ጭንቀት ዘለዎም እቲ ብነጻ ኣገልግሎት ዝህብ ናይ ቤት-ትምህርቲ ስነ-ኣእምሮ ኣማኻሪ (Jugendpsychologischer Dienst) ሓደ ዝበልጸ መበገሲ ማእከል እዩ። ወለዲውን ብዛዕባ ደቆም ዝሽገሩ እንተኮይኖም: ኣብኡ ክውከሱ ይግባእ። እዚ ብነጻ ዝፍውስን ብዘይቅድመ ኩነት ዝሕግዝን ናይ ቆልዑትን መንእሰያትን ወሃብ ኣገልግሎት ሓደ ናይ ህጹጽ ናይ ቆዑት መደወሊ ተለፎን (Kindernotruf)ብተለፎን: ብቻት ወይ ብኢ-መይል (Tel. 147, www.147.ch) ኣገልግሎት ኣለዎ። ናይ ቈልዑን ናይ ብጽሕና/ጒርዝውና ስነ-ኣእምሮ ሃንደበታዊ ዅነታት ከጓንፈሎም ከሎ ወለዲ ብ061 325 51 00 ምስ ቈልዑን ኣባጽሕን ሳይክያትሪ (Kinder- und Jugendpsychiatrie) ክራኸቡ ይኽእሉ ኢዮም።

## ናይ ወልፊ ሕማማት

ናይ ወልፊ ሕማማት ኣብ ዘጋጥምሉ- ሓገዝ ወልፊ ዞባ ባሰል (Suchthilfe Region Basel) ከምኡውን እቲ ብዙሕ-ባህላዊ ጨንፈር ምኽሪ ወልፊ ባይደር ባሰል (Multikulturelle Suchtberatungsstelle፣ MUSUB) ይሕግዙ። እዘን ትካላት ብነጻ ብዘይ ገለ ክፍሊት ብእምነት ናይ ውልቂ ምስጢር ብምዕቃብ ሓገዝን ምኽሪን የበርክቱ። ዝኾነ ሰብ ብጉዳይ ዘመዱ ወይ ቀረብኡ ምስ ዝግደስውን ሓገዝ ይረክብ። እዚኦም ብገለ ናይ ደገ ቛንቛታት ውን ኣገልግሎት ይህቡ። ናይ ወልፊ ሕማማት ኣልኮል ወይ ሓሺሽ ጥራይ ኣይኮኑን። ካልኦት ወልፍታት ከም ወልፊ ጸወታ: ወልፊ ምግዛእ ወይ ናይ ኢንተርነት ወልፊ ከምኡውን ናይ ኣመጋግባ ምዝንባል ብቀጻሊ ካብዘን ናይ ምኽሪ ትካላት ሓገዝ ክርከብ ይከእል። ሕቶታት ነዚ ዝምልከት ካብ ዝምልከቶም ብኢ-መይል ክሕተት ይከእል።

## ምስንባድ / ምርዓድ

ኣብ ሂወቱ ብዙሕ ሕማቕ ዝተጋጠሞ ሰብ: እሞ ነዚ ብዓቕሙ ክብድሆ ምስዘይክእል: ሓገዝ ወይ ደገፍ ክረክብ ይኽእል። ምርዓድ ወይ ምስንባድ: ብዕቱብ ዝውስኽ ዘሎ ናይ ኣእምሮ ሕማም ኢዩ።ኣብ ርእሲ ቲ ናይ ምኽርን ደገፍን ቀረባት ንስነ ኣእምሮእዊ ሕማምን ጸገምን ዘለዎም ሰባት: ሓደ ፍሉይ ናይ ክኢላታት ማእከል መፈወሲን ነቶም ግዳያት ናይ ውግእን ግፍዒን ኣሎ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-baselstadt.ch/ti/health/mental-health

**Hallo**
**Basel-Stadt**

Kanton Basel-Stadt

# ጉዳይ ሞት

**ኣብ ስድራኻ ሓደ ሰብ እንተሞይቱ ናብ ሰበስልጣን ክትሕብር ኣለካ። እንተደሊኹም ሰበስልጣን ስነ-ስርዓት ቀብሪ ክጽውዑ እዮም። ስነ-ስርዓት ቀብሪ ነቲ ሬሳ ናብ መካነ መቓብር ወይ ናብ ወጻኢ ሃገር የጓዕዞ።**

## ብዛዕባ ሞት ዚገልጽ ምልክታ

ኣብ ስድራኻ ሓደ ሰብ እንተሞይቱ፡ ሓኪም ናይ ሞት ምስክር ወረቐት ክመልእ ኣለዎ። ብድሕሪኡ ነቲ ሞት ናብ ቤት ጽሕፈት መዝገብ ካንቶን Basel-Stadt ክትሕብሩ ኣለኩም።
እቲ ሰብ ኣብ ሆስፒታል፡ ኣብ መዕበዪ ጡረታ ወይ ኣብ መዕበዪ ኣረጋውያን ይመውት፧

- ኣመራርሓ እቲ ሆስፒታል ወይ ገዛ ነቲ ሞት ናብ ቤት ጽሕፈት መዝገብ ክሕብር ኣለዎ።

እቲ ሰብ ኣብ ካልእ ቦታ ይመውት፧

- ከም ኣባል ስድራቤት መጠን፡ ነቲ ሞት ናብ ቤት ጽሕፈት መዝገብ ካንቶን Basel-Stadt ክትሕብር ኣለካ።

ኣብ ካንቶን Basel-Stadt ዝነብር ኩሉ ሰብ ብነጻ ቀብሪ ወይ ብሳንዱቕ ቀብሪ ይረክብ።

## ናብ ወጻኢ ሃገር ምምላስ

ምናልባት ካብ ስድራቤትካ ኣብ ካንቶን Basel-Stadt ሞይቱ ይኸውን። እቲ ሰብ ግን ኣብ ወጻኢ ሃገር ክቕበር ትደሊ። ፍቓድ ዘለዎ ቤት ቀብሪ ነዚ ዝኸውን ፕሮቶኮል ከውጽእ ኣለዎ። እቲ ፕሮቶኮል "ሳንዱቕ ሬሳን ምዕሻግን ፕሮቶኮል" ይበሃል። ነቲ መበቆላዊ ፕሮቶኮል ናብቲ ናይ ቀብሪ ቤት ካንቶን Basel-Stadt ከተርእዩ ኣለኩም። ብድሕሪኡ እቲ ቤት ቀብሪ ናይ ሞት ምስክር ወረቐት ክህብ እዩ። በዚ ሰነዳት እዚ ጥራይ እዩ እቲ ዋሕዚ ነቲ ሬሳ ናብቲ ናይ ወጻኢ መካነ መቓብር ከጓዕዞ ዝኽእል። ንስኻ ከም ኣባል ስድራቤት ነዚ ዝኸውን ወጻኢታት ክትከፍል ኣለካ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-baselstadt.ch/ti/health/death